ሓበሬታ ተሓካሚ

ክሊኒክ ኣመል (AMEL MOTTAGNINGEN)

Tigrinja/ትግርኛ

SÖS

SÖDERSJUKHUSET

ክሊኒክ ኣመል፡ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ክሸቦ ወይ ግዝረት ንዘጋጠመን ኣዋልድን ኣንስትን ይቕበል። ናባና ንኽትመጺ ዝኾነ ውከሳ ኣየድልየክን እዩ። ግን ንኣብነት ካብ ኣብ ክሊኒካት ክንክን ኣዴታት፡ ክሊኒካት መንእሰያት ወይ ካልኦት ኣገልግሎት ሕክምና ዝሰርሑ ከም መሕረስቲ፡ ሓካይም ማህጸንን ሓካይም ዘባን ዝኣመሰሉ ዝሰደዱልና ውከሳ እውን ናይ ግድን ንቕበል ኢና።

ክሸቦ ወይ ግዝረት ጓል ኣንስተይቲ እንታይ እዩ?

ኣብ እዋን ክሸቦ ጓል ኣንስተይቲ ብዘይ ሕክምናዊ ምኽንያት ገለ ደጋዊ ክፋላት ብልዕቲ ናይታ ጓል ተቖሪጹ ተኣልዩን ተቐይሩን ወይ ሓዲኡ ኾይኑ ኣሎ። እዚ ኣብ ምሉእ ዓለም ኣብ ብዙሓት ዝተፈላለያ ሃገራት ዘጋጥም ባህሊ እዩ። ብጀካ እቲ ኣብ እዋን ክሸቦ ከጋጥም ዝኽእል ህጹጹ ጸገማት፡ እዚ ተግባር ዳሕራይ ኣብ ህይወት እውን ጸገማት ክፈጥር ይኽእል እዩ። እቶም ጸገማት፡ እቲ ክሸቦ ብኸመይ ኣገባብ ከም ዝተፈጸመን እንታይ ዓይነት ክሸቦ ከም ዝተፈጸመን ተመርኵሶም ይፈላለዩ እዮም።

ደቂ ኣንስትዮ ናብዚ ክሊኒክ ዝመጻሉ ልሙድ ምኽንያታት፦

- ኣብ እዋን ክሸቦ እንታይ ከም ዝተገበረ ሓበሬታ ንምርካብ
- ጸገማት ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ፡ ንኣብነት ጸቢብ ስለ ዝኾነ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ስለ ዘሕምም
- ጸገማት ኣብ ምሻን፡ ፍሕኛ ክሳብ ጥርሑ ዝኸውን ነዊሕ ግዜ ይወስድ ወይ ዋሕዚ ሽንቲ ይመቓቐል
- ጸገም ኣብ እዋን ወርሓዊ ጽግያት
- ሕቶታት ብዛዕባ መጻኢ ጥንስን ሕርስን፡ ንኣብነት እንታይ ዓይነት ምቅርራባት ከም ዘድሊ
- ምስ ጾታዊ ተግባራት ዝተተሓሓዘ ጸገማት
- ምስ ክሸቦ ዝተተሓሓዘ ስነ ኣእምሮኣዊ ጸገማት
- ካልኦት ሳዕቤናት ክሸቦ ዘይኮኑ ማህጸናዊ ጸገማት

ኣብዚ ክሊኒክ ኣየኖት ሰብ ሞያ ይሰርሑ

ኣብዚ፡ ሓካይም ማህጸን፡ መሕረስቲ፡ ተሓጋገዝቲ ነርስን ኣማኸርትን ይሰርሑ። ምእንቲ ዝኾነ ዘይምርድዳእ ከይፍጠር፡ ኣብ ዘድልየሉ እዋን ክኢላታት ኣስተርጐምቲ ንጥቀም ኢና። ኵሎም ሰባት ናይ ግድን ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም።

ኣብ መጀመርታ ምብጻሕ እንታይ የጋጥም?

ኣብታ መጀመርታ ምብጻሕ ምስ ሓደ ሓኪም ማህጸን ተራኺብኺ፡ ምኽንያት ናብዚ ክሊኒክ መምጺኢኽን ምናልባት ዘለውኺ ጸገማትን ክትነግሪ ኢኺ። እቲ ሓኪም ኣብ እዋን ምኽንሻብ እንታይ ዝተገብረ ከም ዝመስልን፡ ብዛዕባ ስነ መዛርዕን (ኣናቶሚ)፡ ስለ ምንታይ ሓደ ሓደ ጸገማት ተፈጢሮም ከም ዘለዉን ክገልጸልኪ እዩ። እቲ ዝግበር መርመራ ማህጸን ነቶም ደጋዊ ክፋላት ብልዕቲ (ርሕሚ) ምፍታሾምን ምምርማሮምን እኹል ስለ ዝኾነ መብዛሕትኡ ግዜ ዘይምቹእነት ወይ ቃንዛ ከም ዝስምዓኪ ኣይገብርን እዩ።

ድሕሪ መርመራ፡ ሕክምና ዘድልየኪ ምስ ዝኸውን ኣየኖት ኣማራጺታት ሕክምና ከም ዘለዉ ሓበሬታ ክወሃበኪ እዩ። ኣብ ገለ ኵነታት መጥባሕቲ ሓደ ኣማራጺ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ኵነት እቲ መጥባሕቲ ኣብ ቀጻሊ ምብጻሕ እዩ ዝግበር።

ሓደ ሓደ ግዜ ኣብቲ ዘድልየክን ድልየትክን ዝውስኖ ምስ መሕረሲት ወይ ኣማኻሪት ቀጻኢ ርክብ ክህልወኪ ይኽእል እዩ።.

VI ÄR EN DEL AV
REGION STOCKHOLM

ሕቶ ኣለኪ ድዩ?

ሕቶ ምስ ዝህልወኪ ምስ ክሊኒክ ኣመል ርክብ ክትገብሪ ትኽእሊ ኢኺ።
ቍጽሪ ተሌፎን፦ 08-123 627 00

ሰዓታት ተሌፎን፦

ሰኑይ-ሓሙስ	ሰዓት 08.00-12.00, ከምኡ’ውን ሰዓት 13.00-15.00
ዓርቢ	ሰዓት 08.00-12.00

ኣብ መርበብ ሓበሬታና ተወሳኺ ሓበሬታ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ

ኣድራሻ፦ ሶደርሹክሁሰት፡ ክሊኒክ ማህጸን። ቱነልባና፦ ስካንስቱል።
ኣውቶቡስ ቍጽሪ፦ 3, 74 ወይ 168 ናብ ሶደርሹክሁሰት።
ባቡር (Pendeltåg)፦ ሶድራ ስታሽን (Södra station)፡ መውጽኢ ሮሰንሉንድስጋታን (Rosenlundsgatan)

ኤሌክትሮኒካዊ ኣገልግሎት ቮርድጋይደን (Vårdguidens e-tjänster)
ብመንገዲ እዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ እውን ክትረኽብና
ትኽእሊ ኢኺ፡ ናብ www.1177.se እተዊ።.
ብመንገዲ 1177 ኣብ ኣገልግሎት ቮርድጋይደን ለይትን መዓልትን ምኽሪ ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ።

Fotogruppen september 2026

SÖS
SÖDERSJUKHUSET

Kvinnokliniken Södersjukhuset avd 72 | 08-123 612 72 |
SJUKHUSBACKEN 10, 118 81 STOCKHOLM, TEL 08-123 610 00
SL Buss 3, 4, 168, PENDELTÅG STOCKHOLM SÖDRA WWW.SODERSJUKHUSET.SE